# Union of Tigreans in North America (UTNA)
## ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማተሰኣ)

UTNA
P.O.BOX 73736
Washington, DC 20056
UTNA67@verizon.net

Tel. (202) 265-8702
Fax. (202) 265-8703

---

November 2/2009

***ናይ ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ ፓርቲታት ኣብ ናይ መረፃ ስነ-ምግባር ደንቢ ዝገበርዎ ስምምዕነት ኣመልኪቱ ካብ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ዝተዋህበ መግለፂ***

ሃገርና ኢትዮጵያ ንዘመናት ኣብ ልዕሊኣ ተፃዒንዋ ዝነበረ ናይ ኣድልዎን ድሕሩን ስርዓታት ንምጥፋእ ብዝገበረቶ መሪር ቃልሲ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑፀሩ ደቃ መስዋእትነት ዝኸፈለትሉ፣ ደም ጀጋኑ ደቃ ፈቖዶ በረኻ ዝፍሰሰሉ እንሆ ሎሚ ኣብ ኢትዮጵያ

- ህዝብታት ኩለን ብሄር ብሄረሰባት ብናይ ባዕሎም ቋንቋ፣ ባህልን ታሪኽን ኮሪዖም ዓርሶም ብዓርሶም ዘመሓድሩሉ ሙሉእ መሰል ሃልዩዎም ኣብ ማዕርነትን ምክብባርን ዝተመስረተ ሓድነት ኣብ ዝርኣየሉ፣
- ቀንዲ ፀላኢ ሃገርና ኢትዮጵያ ዝኾነ ድኽነት ካብ ስረ መሰረቱ ንምምሓው ህልኽ ዘወድእ ርብርብ ኣብ ዝግበረሉ፣ ብናይ ኢንቨስትመንት ሰሓባይነታ ዓብይ ጠመተ ኣብዝረኸበትሉን ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ተራእዩ ብዘይፈልጥ ኩለ መዳያዊ ናይ መሰረተ ልምዓት ህንፀት ኣብዝካየደሉ፣
- ናይ ኣፍሪካ ዓበይቲ ጉዳያት ኣብ ዓለም ለኻዊ መድረኻት ቀሪቦም ክርኣዩን መፍትሒ ክረኽቡን ኣብ ምግባር ዝልዓለ ግደ ብምፅዋታ ፍሉይ ኽብሪ ኣብ ዝረኸበትሉ እዋን ጎኒ ንጎኒ ኣብ መፃኢ ጉንበት ዝካየድ 4ይ ሃገራዊ መረፃ ግልፂ፣ ነፃ፣ ፍትሓዊን ዴሞክራሲያዊን ንክኸውን ብገዛኣይ ፓርቲ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግን 3 ተቓወምቲ ፓርቲታትን ማለት ብኢንጅነር ሃይሉ ሻውል ዝምራሕ መላው ኢትዮጵያ ኣንድነት ፓርቲ(መ.ኢ.ኣ.ድ)፣ ብኣይተ ልደቱ ኣያሌው ዝምራሕ ኢትዮጵያ ዴሞክራሲያዊ ፓርቲ(ኢ.ዴ.ፓ)፣ ብኣይተ ኣየለ ጫሚሶ ዝምራሕ ቅንጅት ለኣንድነትና ዴሞክራሲ ፓርቲን ንዝሓለፉ 2 ኣዋርሕ ኣብ ደንቢ ስነ-ምግባር መረፃን ናይቲ ደንቢ መፈፀሚ መምርሒን ሰፊሕ ምይይጥ ብምክያድ ክልቲኦም ወገናት ሕገ-መንግስቲ ኢትዮጵያ ዘቐመጦ መሰልን ግቡእን ከይተሸራረፈ ንምትግባር ኣብ ዝሰማምዑሉ ነጥብታት ሓቢሮም ብምስራሕ ኣብ ዘፈላልዮም ጉዳያት ድማ ብሰላማዊን ዴሞክራሲያዊን መንገዲ ኣብ ዙሪያ ጠረጴዛ ብምዝርራብ ኣፈላላያቶም ብምፅባብን ብምክእኣልን ብኽቡር መስዋእትነት ዝተረኽበ ጅማሮ ህንፀት ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ንምጥንኻር ወሲኖም ዕለት 31 ኦክቶበር 2009 ናይ ስምምዕነት ሰነድ ብምፍራሞም ዝተሰመዓና ዝልዓለ ሓጎስ እንትንገልፅ ነዚ ሰናይ ዕላማዚ ኣብ ግብሪ ንምትርጓም ገዛኢ ፓርቲ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ህዝቢ

ኢትዮጵያ ብሙሉኡ ብምትሕብባር ፈፂሙ ዝትንከፍ ዘይመስል ዝነበረ ስርዓት ደርጊ ድሕሪ ምዕናው ጊዜ ክወስድ ግድን'ኳ እንተነበረ ጨና ዴሞክራሲን ሰብኣዊ መሰላትን ካብ ዘይነበረሉ ካብ ባዶ ተበጊሱ ትዕግስትን ጥበብን ሰኒቑ ምእንተ ናይ ሃገርና ምዕባለን ምምሕያሽን ሂብካ ብምቕባልን ሓቢርካን ተኸኣኢልካን ምስራሕ ከምዝክኣል ነዊሕ ጉዕዞን ፃዕሪን ብምርኣዩ ዘለና ኽብሪን ሞገስ ብስም ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካን ፈታዊ ሰላም፣ፍትሒን ዴሞክራሲን ዝኾነ ህዝቢ ነባራይ ሰሜን ኣሜሪካን ክነመሓላልፍ ንፈቱ፡፡

- ብኻሊእ ወገን ድማ ካብ ዝሓለፈ 3ይ ሃገራዊ መረፃ ዝልዓለ ትምህርቲ ብምውሳድ ዕሙት ናይ ፅልኣት ፖለቲካ ንሃገርናን ህዝብናን ዝረብሕ ዘይምኳኑ ብምርዳእ ውጥን ህንፀት ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ምጥንኻር ዝክኣል ንሕገ-መንግስቲ ተገዛኣይ ብምኳን ብሰላማዊን ሕጋዊን መንገዲ ብምውድዳር ናይ ህዝቢ ድምፂ ኣኽቢርካ ምቕባል መማረፂ ዘይብሉ ምኳኑ ኣሚኖምን ተቐቢሎምን ምስ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ሓባራዊ ስምምዕነት ንዝፈረሙ መ.ኢ.ኣ.ድ፣ ኢ.ዴ.ፓን ቅንጅትን ኣብቲ ሰፊሕ ናይ ምይይጥ መድረኽ ተሳተፍቲ ዝነበሩ ናይዘን ፓርቲታት ናይ ኣመራርሓ ኣካላት ዘለና ናእዳን ኣኽብሮትን እንትንገልፅ እዚ ናይ መረፃ ስነ ምግባር ሰነድ ክሳዕ መወዳእታ ተግባራዊ ኣብ ምግባር ገዘኣይ ፓርቲ ይኹን ተቓወምቲ ፓርቲታት ዘለዎም ዝልዓለ ሓላፍነትን ህዝባዊ ሓደራን ሙሉእ ብሙሉእ ከምዝፍፅሙ ተስፋ እናገበርና ናይዚ ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ዝለዓለ ስፍራ ዘለዎ ምዕራፍ ኣካል ንዘይኮነ መድረኽ ዝተባህለ ተቓዋሚ ፓርቲ ዓርሱ ንምግላል ዝወሰዶ ቕዋም ካብ ሰላማዊን ሕጋዊን ናይ ቃልሲ መድረኽን መስመርን ከምኡ'ውን ኣፈላላያት ብምይይጥ ናይ ምፅባብ ስልጡን ኣካይዳ ንጎኒ ዝገድፍን ኣብ ፅላል ሕገ-መንግስቲ ክረክብ ኣብዝኽእሎ ዕድል፣ መሰልን ግቡእን ፀሊም ነጥቢ ከምምቕማጥ ዘሕስብ ከይኾንን ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሃንቀውታ ዝፅበዮ ሰላማዊን ዴሞክራሲያዊን መረፃ ከየዕንቅፍ ደጋጊሙ ክሓስበሉን ቕዋሙ ብቕልጡፍ ከስተኻኽልን ብስም ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ መልእኽትናን ፃውዒትናን ነመሓላልፍ፡፡

ዴሞክራሲ፣ ፍትሒን ልምዓትን ውፅኢት ጉዕዞ ነዊሕ ርሕቐትን ተሳትፎ ኩሉ ህዝቢን'ዩ!!

ማእኸላይ ቤት ፅሕፈት ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ
ዋሽንግተን ዲሲ
ኖቨምበር 2/2009